# <u>መቓሕ ደሞክራሲ ካብ ሃገረ ኬንያ</u>

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ሃገረ ኬንያ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ ኣፍሪቃዊ ምርጫ ብምዃኑ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ምስ ቅድሚኡ ዝነበረ ምርጫን ኣብኡ ዝፈሰሰ ደምን ብምትእስሳር ብዙሓት ወገናት ብስኽፍታ ክከታተልዎጸኒሖም። ዕለተ ምርጫ ኣኺሉ ኬንያውያንን ኣህጉራውያን ተዓዘብትን ከምኡን ኬንያውያንን ኣህጉራውያንን ትካላት መራኸቢ ብዙሓንን መስርሕ ምርጫ ክከታተሉ፡ ተኸታቲሎም ክጽብጽቡ፡ ክምስክሩን ክስንዱን ኮሚሽን ምርጫ ቦርድ ሃገረ ከኒያ ብዝሃቦ ፍቓድ መሰረት ተዋፊሮም ምክትታል ጀሚሮም። መስርሕ ምርጫ ኣብ ኣጋ ምዝዛሙ ምስ በጽሐ ጀሚሮም ከኣ ኣብ ዝተወሰነ ከባቢታት ዝተራእየ ቴክኒካዊ ጸገማት እንተዘይኮይኑ፡ መስርሕ ምርጫ ሰላማውን ደሞክራስያውን ነይሩ፡ ዘይተረጋገጹ ምንጭታት ከም ዘመልክትዎ ድማ ኡሁሩ ኬንያታ ዝዕወቱ ዘለው ይመስሉ ዝብል ወረ ከናፍሱ ጀሚሮም።

ደገፍቲ ቀንዲ ተቓዋሚ ሰልፊ ብወገኖም መስርሕ ምርጫ ከምዚ ዝበሃል ዘሎ ኣይኮነን ኣበር ነይርዎን ኣለዎን ዝብል መልሲ ይህቡ ነይሮም። እቲ ኣቐዲሙ ዝተተንበየ ስኽፍታ ድማ እዛ ሃገር ሎሚ'ሽ እንታይ'ኮን ክትከውን'ያ? ዝብል ጥርጠራታት መሊሱ ክዓቢ ኮይኑ። ቅንዕናኡ ብዘይገድስ ዝተጀመረ ነገር ክውዳእ፡ ሰዓራይ ድማ ክፍለጥ ስለ ዘለዎ፡ ሃገራዊ ምርጫ ቦርድ ነቲ ግምታዊ ጸብጻባት፡ ጥርጠራታትን ሓላፍነታዊ ስኽፍታትን ዘዕግስ ወይ መንገዲ ዘትሕዝ ሕጋዊ መግለጺ ሂብሉ። ምርጫ ሰላማውን ደሞራውያውን ነይሩ፡ ኣህጉራውያን ተዓዘብቲ ዘረጋገጽዎ'ውን ሰላማውን ደሞክራስያውን ምንባሩ'ዩ። ብዝኾነ ውጽኢት ምርጫ 2017 ብዓወት ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰልፊ ወይ ፕረዚደንት ኡሁሩ ኬንያታ ተዛዚሙ ኣሎ፡ ኬንያታ ክንድ'ዚ ነጥቢ ኣምጺኡ፡ ኦዲጋ ድማ ክንድ'ዚ ነጥቢ ኣምጺኡ ብዝብል ወግዓዊ ገሊጹ። በቲ ሓደ ወገን ቅሬታ፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ዕልልታ ክስማዕ ግድን ኮይኑ።

ተዓወቲ ናብ ቤተ መንግስትን መራኸቢ ብዙሓንን ገጾም፡ ተሰዓርቲ ናብ ጎደናታት ገጾም ክኸእዱ ተራእዮም። ንሕገ መንግስቲ ማእከል ገይሩ ድዩ ወይስ ደጋፊ ኪኒያታ ኮይኑ ርግጸኛ ኣይኮንኩን፡ ፖሊስ እታ ሃገር ቅሬታኦም ኣብ ጎደናታት ወጺኦም ተቓውሞኦም ንዝሰምዑ ዝነበሩ ዜጋታት ብሓይሊ ከባርሮም ፈቲኑ። ብቐሊል ከባርሮም ግን ኣይከኣለን። ነቲ ተቓውሞ ካብ ምፍሳስ ደም ብዝደሓነ ከህደኦ፡ ዘለዎ ናይ ሰላም መሰርሒታት ኣብ ክንዲ ዝጥቀም፡ ብሓይሊ ጀሚሩ ብሓይሊ ጸጥ ከብሎ ኩሉ ናይ ሓይሊ ስጉምቲ ወሲዱ። ብዙሓት ዜጋታት እታ ሃገር መተካእታ ዘይብላ ህይወቶም ስኢኖም። ብዙሓት ኣካሎም ጎዲሎም፡ ብዙሓት ተኣሲሮም፡ ገለ ድማ ተሰዲዶም። ከምኡ ኮይኑ'ውን ግን እቲ ተቓውሞ መሊኡ ደው ኣይበለን። ኣህጉራውያን ተዓዘብቲ ምርጫ ነጻን ፍትሓውን ነይሩ ዝብል ምስክርነት ብዝተፈላለየ መራኸቢታት ኣቢሎም ከጋውሑ ተሰሚዖም። ኦዲንጋን ደገፍቱን ግን ኣይፋሉን ተዓሊቑና ኢና ምድንጋር ኣለዎም ሰዓርቲ ንሕና ኢና ስለዚ ዳግም ምጽራይ ይገበረልና ዝብል ተቓውሞንን ጸቕጥን ቀጺሎም።

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ እታ ሃገር ድማ፡ ነዚ ኩነታት ተዓዚቡ ኣብ'ቲ ምድንጋር ኣለዎ ዝተባህለ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሕታት ምርምረ ክግበር፡ ምርመራ ክገበር እንከሎ ክኢላታት ናይ ሓበሬታ ቴክኖሎጂ፣ ጋዜጠኛታት፣ ካብ ክልቲኡ ተነሓናሒ ወገን፣ ተሰማዕነት ዘለዎም ፍሉጣት ዜጋታት እታ ሃገርን ካልኦት ኣብ ዘለውዎ ክካየድ ወሲኑ። ክልቲኦም ወገናት ድማ ተቐቢለሞ። ሕጂ'ውን ውሳነ ቤት ፍርዲ እንታይ ክኸውን'ዩ፡ ድሕሪ ውሳነ ቤት ፍርዲ'ሽ እዛ ሃገር እንታይ ከጋጥማ ይኽእል ዝብል ሻቕሎት ብዙሓት ኮይኑ ጸኒሑ። ቤት ፈርዲ ድማ ብ ሓደ መስከረም 2017 ውሳነኡ ሂቡ። መስርሕ ምርጫ ዘይብሩህን ጸገም ዝነበሮን'ዩ። ስለዚ ኬንያታ ዝተዓወተሉ ምርጫን ውጽኢቱን ተሰሪዙ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ነጻ ደሞክራስያውን ምርጫ ክካየድ ኣለዎ ኢሉ። ኩነታት ተገላቢጡ። ኣብ ቅሬታ ዝጸንሑ ወገናት ኣብ ጎደናታት ወጺኦም ታሕጓሶም ክገልጹ ክዕልሉ ንቤት ፍርዲ ከመጉሱ፡ ናይ ተዓዊትና ኣብ ሓጎስ ዝጸንሑ ከኣ ርእሶም ኣድኒኖም ቦታ ቅሬታ ወሲዶም።

ናይ ብሓቂ ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ፡ እግሪ ዝተኸለ ደሞክራስያዊ ምሕደራ፡ ነዚ ዝቕበል ፖለቲካዊ ንቕሓት ዜጋታት እንተሃልዩ፡ ደሞክራሲ ማለት ቅሬታን ዕልልታን ዝፈራረቐሉ ግን ሕነ ምፍዳይ ዘይብሉ፡ ከም ዜጋታት ሰዓራይን ተሰዓራይን ሰላምታ ተለዋዊጦም ናይ ሓባር ሃገሮም ዝሃንጹሉ መስርሕ'ዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ ኬንያታ ዋላ ኣብ'ቲ ዝተዋህበ ፍርዲ ትዕዝብቲ እንተሃለወኒ፡ ንሰላም፡ ደሞክራሲ፡ ዕቤት ህዝብን ሃገርን ኬንያ ክበሃል ብጸጋ ተቐቢለዮ ኣለኹ ኢሉ። ድምጹ ይቆራረጽ ነይሩ፡ ኣብ ገጹ'ውን ቁጠዐ ይንበብ ነይሩ። ግን ኣብ መድረኽ ወጺኡ ኣብ ቅድሚ መራኸቢ ብዙሓን  ምስ ቅሬታይ ተቐቢለዮ ኣለኹ ኢሉ። እዚ ብስለት'ዩ። ንካልኦት ኣብነት'ዩ። ከም ኣፍሪቃዊ ድማ ተስፋ ገይረ ኩርዓት ድማ ተሰሚዑኒ።  ቤት ፍርዲ ኣብ'ዚ መደምደምታ'ዚ ምብጻሑ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዝተለምደ ኣይኮነን። ስለዚ ሞያዊ ትብዓት ዝተራእየሉ ውሳነ'ዩ። ደያኑ ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ ካብ'ዚ ክመሃሩ ይግባእ። ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ምብጻሑ ድማ መቓልሕ ደሞክራሲ ካብ ሃገረ ከኒያ ኣለዮ ኣለኹ።   ውጽኢቱ ድሕሪ 60 መዓልቲ ንምርኣይ የብቀዓና።

ሮቤል በርሀ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ

ብሓልዮት ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 04-09-2017